


# ዲጂታላዊ ምኽሪ

## በዚ መንገዲ ሓበሬታ ባንክኻ ብውሑስ ትሕዞ

1. ናይ ባንክ ኮድካ ወይ ናይ ክፍሊት ካርድ ሓበሬታ ንዝኾነ ሰብ ዋላ ኣባል ስድራኻ ወይ መሓዙትካ ፈጺምካ ኣይትሃቦ። እቲ ባንክ ወይ ሰበስልጣን ብተለፎን፣ ብኢመይል፣ ብመልእኽቲ ሞባይል ወይ ብማሕበራዊ መራኸቢታት ናይ ባንክ ኮድካ ፈጺሞም ኣይሓቱን፡ ወይ ናብቲ ናይ ኦንላይን ባንክ ንምእታው ሊንክ ኣይሰዱን።

2. ኣብ ኮምፒዩተር ኣብቲ ኦንላይን ባንክ ክትኣቱ ምስ እትደሊ፡ ኩሉ ግዜ ወግዓዊ ኣድራሻ ናይቲ ኦንላይን ባንክ ኣብ መስመር ኣድራሻ ናይቲ መርበብ ሓበሬታ ባዕልኻ ጸሓፎ (ንኣብነት nordea.fi, danskebank.fi, s-pankki.fi, op.fi)።

ብጉግል ወይ ብመንገዲ ሰርች መንገዲ ናብቲ ናይ ኦንላይን ባንክ ኣይትእቶ፣ ምኽንያቱ ናብቲ ናይ ምትላል ገጽ ክወስዱኻ ይኽእሉ እዮም። ናይቲ ባንክ ወግዓዊ ናይ ሞባይል ኣፕሊከሽን ምጥቃም ኩሉ ግዜ ውሑስ እዩ።

3. ባዕልኻ ዘይገበርካዮ ክፍሊት ወይ ስርሒት ፈጺምካ ኣይትቀበል። ኩሉ እቲ ኣብቲ ናይ ምርግጋጽ ሕቶ ዝተገልጸ ሓበሬታ ምስቲ ሕጂ እትገብሮ ዘለኻ ተግባር ዝሰማማዕ ምዃኑ ኣረጋግጽ።



Lähteet: https://danskebank.fi/asiakasviestinta/huijauksia-liikkeella
https://www.nordea.fi/henkiloasiakkaat/tuki/turvallisuus.html
https://www.op.fi/turvallinen-asiointi/vinkit-turvalliseen-asiointiin
https://www.s-pankki.fi/fi/arjen-raha-asiat/turvallinen-pankkiasiointi/

ROVALA | MONINET Monikulttuurinen työ | Tuettu Veikkauksen tuotoilla | Elinkeino-, liikenne- ja ympäristökeskus | Vipuvoimaa EU:lta 2014–2020 | Euroopan unioni Euroopan sosiaalirahasto